




# Orientation to Ontario


1-855-626-0002

https://orientationontario.ca




# መሰላትን ሓላፍነታትን ዓሚል

## መሰላትን ሓላፍነታትን

ኣብ ኦንታርዮ፡ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ግዳይ ዘይፍትሓዊ ንጥፈታት ቢዝነስ ከይከውን Consumer Protection Act (ሕጊ ሓለዋ ዓሚል)ይከላኸለሉ።

## መሰላት ዓሚል

- ብሸያጦ ዝወሃብ መተባብዒታት (Sales incentives) ንዓማዊል ከታልሎም ወይ ከጋግዮም የብሉን።
- ውዕላት ንጹራትን ንኽትርድኦም ቀለልቲን ክኾኑ ኣለዎም።
- ድሕሪ ውዕል ምእታውካ/ምፍራምካ፡ ንኽትሓስብ ዕድል ዝህበካ "መረጋግኢ እዋን" ወይ (cooling off period) ዝበሃል ኣሎ። ኣብዚ ናይ መረጋግኢ እዋን ሓሳብካ እንተቐይርካ፡ ነቲ ውዕል ክትስርዞ ትኽእል ኢኻ።
- እንተድኣ ዘይሓተትካሉ ኣቕሓ ተላኢኹልካ፡ ክትቅበሎ ወይ ክትከፍለሉ የብልካን።
- ኣቕሑትን ኣገልግሎታትን ኣብ ግዚኦም ክበጽሑ ወይ ኽርኽቡ ክኽእሉ ኣለዎም።
- ኣብቲ ፍርያት ይኹን ኣገልግሎት ገለ ጸገም እንተኣጋጢሙ፡ እቲ ሸያጣይ ነቲ ጸገም ኣብ ቅቡል ዝኾነ ንውሓት ግዜ ከዐርዮ ክኽእል ኣለዎ።

**ሓላፍነታት ዓሚል** – ከም ዓሚል መጠን፡ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ክትገብር ሓላፍነት ኣለካ፡-

- ቅድሚ ምግእዛእካ፡ ነቶም ክትገዝኦም ዝደለኻ ፍርያታት መጽናዕቲ ግበረሎምን ኣነጻጽሮምን።
- ንብቕዓታትን ገምጋማትን ናይቶም ወሃብቲ ኣገልግሎታት ፈትሾ ወይ ቸክ ግበሮ።
- ንመምርሒታት ናይቶም ዝገዛእካዮም ፍርያታት/ምህርቲታት ስዓቦም።

ኩሉ እቲ ክፍሊት ዝኸፈልካሉ ነገራት መጺኡካ ከምዘሎ ወይ ተቐቢልካዮ ከምዘለኻ ኣረጋግጽ።

## መጽናዕቲ ግበር

- ቅድሚ ምዕዳግካ ወይ ቅድሚ ኣገልግሎት ክትረክብ ምድላይካ፡ ሓደ ሓደ መጽናዕቲ ክትገብር ኣገዳሲ እዩ።
- ብዙሓት ድኳናት ንውሱን እዋን ዝጸንሕ መሸጣ ናይ ወቕታውያን ፍርያታትን ናይ ዋጋ ቅነሳን ኣለወን። ብኦንላይን ክትገዝእ ከለኻ፡ ብሕውስዋስ ናይ ቁጽሪታትን ፊደላትን ዝቔሙ ፍሉያት ኮዳት ተጠቐም።
- ነቶም ኣብ ድኳናት ዝሸየጡ ኣስቤዛታትን ናይ ገዛ ናውቲታትንድማ፡ ዋግኦም ኣብ ዝተፈላለያ ድኳናት ከተነጻጽሮን ነቶም ሰሙናዊ ዝወጹ መወዓዉዒታት ክትርእዮምን ትኽእል ኢኻ። ገለ ድኳናት ንዋጋታት ናይ መወዳድርተን ከወዳድርኦ እየን።
- ኣዝዩ ክቡር ዝኾነ ነገራት ንምዕዳግ፡ ነተን ናይ ሽርሻሮ ዌብሳይታት ፈትሽን ወይ ቸክ ግበረን፣ ናብቲ ድኳን ብጸሕ ወይ ናብ መስመር ኣገልግሎት ዓሚል ደዊልካ ሕቶታት ሕተት።
- ዓበይቲ ዕድጊታት ኣብ እትገብረሉ እዋን፡ ካልኦት ዓደግቲ ንዝሃቡዎ ርእይቶታት ኣብ ኦንላይን፡ ኣብ ዌብሳይታትን ኣብ ሕታማትን ኣንብቦ። እዚ ርእይቶታት እዚ፡ ንኣንበብቲ ብቕዓት ናይቲ ምህርቲታት ዝምርምረሎም ወይ ብሩስ ስእሊ ዝህቦም እዩ።
- ብኦንላይን ኣብ እትዕድገሉ እዋን፡ ዋጋ ናይቲ እትገዝኦ ዘለኻ ንብረት ብዶላር ካናዳ ምዃኑኣረጋግጽ።
- ካብ ኩባንያታት ኣመሪካ ብኦንላይን ንምዕዳግ ኣብ እትእዝዘሉ እዋን፡ ነቲ ንብረት ካብ ኣመሪካ ናይ መምጽኢኡ፡ ኣብ ካናዳ ናይ መቕረጺኡን ናይ ታሪፉን ተወሳኺ ክፍሊት ክትከፍል ትኽእል ኢኻ።

## ዉዕላት

ንዉዕላት ብጥንቃቐ ከተንብቦም ሓላፍነትካ እዩ። እንተድኣ እንግሊዝ ኣብ ምንባብ ሓገዝ ትደሊ ኰይንካ፡ ነቲ ውዕል ንምምርማር ተወሳኺ ግዜ ክወሃበካ ሕተት።

ነቲ ናይ ዉዕል ሰነድ ናብ ገዛኻ ተማላኣዮ፣ ኣብቲ ዝቕጽል


Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

ዕለት ድማ ንኽትፍርመሉ ሒዝካዮ ተመለስ። ኣብ ገዛኻ ዝዓየልካ ሰብ ወይ ስራሕተኛ ክትቆጽር ከለኻ፡ ብውዕል ንኽሰርሓልካ ሕተቶ። ገለ ካብ'ቶም ልሙዳት ወይ ፍሉጣት ዝኾኑ ውዕላት ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

- ናይ ሊዝ ወይ ናይ ክራይ ውዕላት/ስምምዓት
- ዉጥናት ኣገልግሎት ሞባይል ቴለፎን
- ናይ መኪና ወይ ናይ ቢዝነስ ልቓሓት
- ናይ ክራይ መኪና (ሰብ ወይ ንብረት ጥራይ ዝጽዕና መካይን) ውዕላት
- ናይ ጂምናዝየም ኣባልነታት
- ናይ ክረዲት ካርድ ውዕላት
- ናይ መድሕን ዉዕላት

ንምሕዳስ/ንምትዕርራይ ገዛ ዝምልከቱ ውዕላት

## ጥርዓናት ምቕራብ

- እንተድኣ እቲ ዝዓደግካዮ ፍርያት ወይ እቲ ዝረኸብካዮ ኣገልግሎት ጸገም ዘለዎ ኮይኑ፡ ጥርዓን ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ። እዚ ከኣ ንዓኻን ነቶም ናይ መጻኢ ዓማዊልን ጠቓሚ እዩ።
- እቲ ቀዳማይ ክትወስዶ ዘለካ ስጉምቲ ናብቲ ኩባንያ ብምድዋል ነቲ ዘጋጠመካ ጸገም ምንጋርን ነቲ ጸገም ንከስተኻኽሎ ምሕባርን እዩ። ነቲ ማናጀር ወይ ነቲ ተቖጻጻሪ/ሱፐርቫይዘር ምዝራብ እውን ከድልየካ ይኽእል እዩ።
- እንተድኣ እቲ ጸገም ዘይተፈቲሑ፡ ነቲ ኩባንያ ብጽሑፍ ክትነግሮ ትኽእል ኢኻ። ነቲ ዘጋጠመካ ጸገም ብዝርዝር ኣብርሃሉ፡ ንኽፈትሖ ሕተቶ (ንኣብነት፡ ነቲ ንብረት ምዕጽጋን ወይ ዝተኸፍለ ገንዘብ ምምላስ ክኸውን ይኽእል)፡ ከምኡ ድማ ነቲ ጸገም ክፈትሖ እንተዘይክኢሉ፡ ንስኻ እንታይ ከምእትገብር ግለጸሉ።
- እንተድኣ እቲ ኩባንያ ንደብዳቤኻ መልሲ ዘይሂብሉ፡ነቲ ዝበልካዮ ስጉምቲ ክትወስድ ኣማራጺ ኣለካ።
- ናብ Ontario Ministry of Government and Consumer Services (ሚኒስትሪ ምምሕዳርን ኣገልግሎታት ዓሚልን ኦንታርዮ) ከምኡ ድማ ናብ Better Business Bureau (BBB (ቤት-ጽሕፈት ዝበለጸ ቢዝነስ)) ወግዓዊ ጥርዓን ወይ ክሲ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ።
- እቲ ዘጋጠመካ ጸገም ምስ ብዙሕ ገንዘብ ዝተኸፍሎ ወይ ምስ ክቡር ንብረት ዝተሓሓዘ እንተኾይኑ፡ኣብቲ  Small Claims Court ዝበሃል ንናኣሽቱ ጥርዓናት ዝርኢ ቤት-ፍርዲ ክትከሰስ ትኽእል ኢኻ።

## ምንጭታት ሓበሬታ

Ontario Ministry of Government and Consumer Services

www.ontario.ca/page/consumer-protection-ontario

Better Business Bureau (BBB)

www.bbb.org/en/ca



orientation to ontario

l'ontario c'est chez moi